ዕላል ጅምዓት
ክሳዕ ናይ ሽፋቱ ህግደፍ ጥፍኣት

ብወደባት፡ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)
ሚላኖ-ኢጣልያ
21/12/2012

ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓ (መንካዕ) ምንቅስቓስ ኣ.ስ.ተ
ጸገሞም ሓደ፡

ዕላል ናይ ሰንበት ከም እትዝክርዎ እቲ መታዓብይትና ወዲ የመን ሎሚ እውን ብህይወቱ ኣብ ዝለዓለ ስልጣን የመን ሰራዊት ዘሎ እዩ። እሞ! ነቲ ኣነ ኣኪቡ ከምድሩዎም ምንባሩ፡ ከምኡ መግበሪኡ ኸኣ ብገርሁ ማለት እቲ ዝደልዮ ዝነበርኩ ሓበሬታ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናይ በዓል **መምህር ዑስማን ሳልሕ ሳበ** መሲሉዎ እዩ እሞ እቲ ጌጋ ናተይ ኣቐዲመ ዘይምሕባረይ ምኽኑ እሕብር።

በዚ ዝተበገሰ

እቲ ኣብ ሕቖይ ማለት ብድሕረይ ዝዋፈር ዝነበረ ጸለመ መንቀሊኡን ልኣኸኡን ኣበይ ወይ መን ክርድኣኒ ዝኽኣለ፡ **ምልኣኸይ ንእቲ መታዓብይትና ናይ ዓይኒ** ምስክር ናይ ርኽክብ ኢሳያስን-ሃብተስላሴ ምስ ልዑል ኣስራተ ካሳ- ቀኘዝማች ፍሰሃ (ቀንዲ ኣዋፋሪ ልዑል ኣስራተ ካሳ) ተስፋሚካኤል ጆርጆን ሓደ ሓደ መኮንናት ኢትዮጵያ ኣብ ክፍሊ ጸጥታ ዝነበሩ ምኳነይ ስለዝፈልጥ፡ እታ እንኮ ኢሳያስ ክገብራ ዝኽእል ከጸልመኒ ካብ ህዝቢ ከነጽለኒ ከም ዝኾነት ምስ ግዜ ኣዋህሊለ ተረዲኤ።

ኮይኑ ግን!!!

እቲ ኣወፋፍራ ጸለመይ ብበዓል ኢሳያስ ከም ዝዋፈር ዝነበረ ርጡብ ጭቡጥ ነገር ስለዘይብለይ፡ ከምኡ እውን ኣብቲ እዋን እቲ ሁቡብነት ኢሳያስ ከም ምሁር ኣብ ቻይናን ተገዲዱ ካብ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምንጻሉ ኣብ በዓል ሰውእ ሰለሙን ወልደማርያም ነፍስሄር መሓሪ ደበሳይ ግምት ስለ ዘየእተኹ፡ **ነቲ ዝተዋህበኒ ተልእኾ ምዕናው ስርርዕ ተመሃሮ ኤርትራውያን ወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ** ቀዳምነት ሂበዮ ስለ ዝነበርኩ ናብኡ ብምትኳረይ ተልእኾይ ኣብ ምትግባር ጻዕረይ ኣየቋረጽኩን።

መንቀሊ ወፍረይ!!

ኣብቲ እዋን እቲ ከተማ **ሮማ** ስለዝነበረ ኣብኡ ኾይነ ምስ ናይ ኢጣልያ ፖለቲካ ሰልፍታት ምርኻብ፡ ብሃገር ዝመጽእ ወይ ዝሓልፍ ኤርትራዊ ምርካብ ምልዛብ ምስ ስሩዓት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንኽይራኽቡ ምግዳብ ይጥቀመሉ ስለዝነበርኩ፡ ኣብ ካልኣይ ሳልሳይ ወርሒ 1974 ካብ ኣሜሪካ ንበይሩት ብኡኡ ኣቢሎም ንዓደን ካብኡ ንሜዳ ክሓልፍ **ሃይለ መንቁርዮስን** ሓድሽ (ጥላሁን) ተስፋሚካኤልን ረኺብኩዎም።

ኣረኻኽባና!!

ኣነ ኣብቲ እዋን እቲ ብዙሕ ግዜ ዝርከበሉ ዝነበርኩ ኣብታ ጥቓ መደበር ባቡር ምድሪ ስታሲዮነ ተርሚነ STAZIONE TERMINI ከባቢ እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ ብዙሕ ሰብ ዝፈልጦ እዩ ነይሩ። ስለዚ **ሃይለ መንቀርዮስ** ብኡኡ ዘወር ክብል ተራኺብና ድሕሪ ሰላምታ ምልውዋጥና መማጽእቲ ከምዘለዎ ሓቢሩኒ ናብቲ እቲ መማጽእቱ ዘለዎ ሆቴል ጥቓ ቫቲካን ብሓደ እናኸድና፡ **ኣለም ወልደጊዮርጊስ** ዝበሃል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ኢትዮጵያውያን ዝነበረ ሕጂ ብህይወቱ ኣብ ሬጆ ኤሚልያ REGGIO EMILIA ዝበሃል ዝቕመጥ ዘሎ ኣድልዩዎ ከም ዘሎ እሞ ከረኽቦ ሓቲቱኒ ንጽባሒቱ ኸኣ ኣራኺበዮም።

ኣብቲ ርክብ

ካበይን ካብ መማጽቱ ሃይለ መንቀርዮስ ኢንጀነር ሓድሽ ተስፋሚካኤል (ጥላሁን) ፍልይ ኢሎም ንዳርጋ ሰለስተ ሰዓት ኣሕሸኽሺኽም ተፈላልዮም ንበይንና **ኣነ ሃይለ- ሓድሽ** ተሪፍና ናብ ሆቴሎም ኣብ ክንዲ ንምለስ ጋሻ ዝመጸና ኣሎ እሞ ኣብቲ ከባቢ መዛወሪኻ ንጸበዮ ኢሎሙኒ ናብ መደበር ባቡር ከባቢ ተመለስና።

ከም ዝበልዎ

እቲ ጋሻ ካብ ኣስመራ መጺኡ ኣብቲ ከባቢ ሃሰው ክብለና ብማዕዶ ሪኢሙዎ ጸዊዖሙዎ መጹ፡ እንተረኣኹ ኣብ ኣስመራ ዓርከይ ካብ ብሕጻነይ መማህርተይን መታዓብይተይን **ተኽሊት ልጃም ኢሳቕ** ወዲ ጓሎም **ንብላታ ደመኒኮ ባህልቢ** ምኳኑ እቲ ተሃንጢዖም ዝጽበዩዎ ዝነበሩ ፈሊጠ ብውሻጠይ ብዙሕ ተገሪመ።

ዘገረመኒ

እቲ ሃይለ መንቀርዮስ ንከራኽቦ ዝተሃንጠየ **ኣለም ወልደጊዮርጊስ** መንን እንታይ ኣተሓሳስባኡን **ተኽሊት ልጃም** እሞ ኸኣ ክሳዕ እቲ እዋን እቲ ኣጸቢቐ ዝፈልጠሉ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ቃልሲ ዕጅብ ዘይብሎ ምኳኑ ሕርኽርኽ እናበለኒ ትም ኢለ እናተዓዘብኩ ከምታ ምስ **ኣለም** ዝተፈልዩና **ሃይለን ተኽሊትን** ፍልይ ኢሎም፡ ተኽሊት ካብ ኣስመራ ዝተማለኦ መልእኽቲ ሓንቲ ቡስጣ ክሕውሎ (ሓቢኡ ክህቦ) ተዓዚበ፡

"እቲ ትዕዝብተይ ቀልጢፉ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጸኒ ተኽሊት ብጉዳይ ቃልሲ? ኣይ እንታይ ድኣ? ምስ እቲ ዘዋህልሎ ዝነበርኩ ስክፍታታት ኣብ ኣስመራ ዝረኣኽዎ ናይ የሰሜን ሃይል ብዓል ራስ ኣስራተ ካሳ ርክባት ተራእዩኒ"

እዚ ክረኣየኒ ዝኽኣለ

ኣቦኡ ንተኽሊት ኣብ ቤት ጽሕፈት እንደራሴ ራስ ኣስራተ ካሳ- ብዓል ስልጣን ስለዝነበሩ ስርሖም ኣብቲ ናይ ፕሮቶኮል ሓላፍነት ስለዝነበሮም ምስ እቲ ዝነፍስ ዝነበረ ወረታት ኣወሃሂደ ብዙሕ ጥርጠራታት ክዕቅብ ተገዲደ።

ድሕሪ ምስ ተኽሊት ምርኻብና **ሃይለን ሓድሽን** ከም መደቦም ንበይኖም ብኡኡ ንዓደን ካብኡ ንሜዳ ኤርትራ ኸይዶም።

ኣለም ወልደጊዮርጊስ!!

ቅድሚ ምስ **ሃይለ መንቀርዮስ** ምርኻቡ ምሳይ ዝነበሮ ርክብ ብዙሕ ተኸባባሪ ርክብ እዩ ነይሩ። ድሓር ግን ገለ መምርሒ ተዋሂቡዎ ግዲ ኾይኑ ኣብ እተፈላለየ ቦታን ምስ እተፈላለዩ ሰባትን ብሕሹኽሹኽ ብዙሕ ጸለመታት ኣብ ልዕለይ ይዘርው ምንባሩ ፈሊጠ።

እቲ ጸለመታት ከኣ፡ እዚ ኣውራጃዊ እዩ፡ እዚ ልኡኽ ኢትዮጵያ እዩ ተጠንቀቑሉ ዝበለ እንተበለኩም ኣይትስምዕዎ ወዘተ...

ብድሕሪ እዚ

ከም ልማደይ ኣብ ዑደተይ **ሚላኖ** መጺኤ ኣጋጣሚ ኣኼባ ተጸዊዑ ስለ ዝነበረ እቲ ኣኼባ ከኣ **ካብ ሃገር ኣመሪካ** ንሜዳ ክስለፉ ዝሓልፉ **የማነ ኪዳነ** ዝበሃል ክሰናበተኩም ስለ ዝደለየ ተባሂሉ ኣነ እውን ኽካፈል ናብኡ እናኸድኩ ወዮ **የማነ ኪዳነ** ዝበልዎ ብኣጋጣሚ **ካሳሁን ኪዳነ መሰለ** ምኳኑ ፈሊጠ (እዚ ሰብ እዚ ብህይወቱ ዘሎ ኢትዮጵያዊ **ብየማነ ጃማይካ** ዝፍለጥ እዩ።

ኣብ ኣስመራ ስለ ንፋለጥ!!

ካሳሁን *እንታይ ድኣ ስም ለዊጥካ ምስ በልክዎ* ***ጥላሁን ሲ ሓድሽ*** *ተባሂሉ እንድዩ ስም ቀይሩ ምስ በለኒ፡ እቲ ኣካያይዳኦም ዝተጠማመረ ምኳኑ* ***ቆብ!*** *ኣቢለዮ። ከመይሲ! ትኽ ኢሉ ናይ* ***ጥላሁን*** *ምሕባሩ ረኺበዮም ከም ዝነበርኩ ፈሊጡን ተነጊሩን ማለት እዩ ዝብል ገምጋም ወሲደ።*

ብድሕሪዚ

ክቡራንን ክቡራትን፡
ኣዋህልሉ ጥራሕ ዕላልና ክቕጽል እዩ ንሎሚ ኣብዚ ደው ክብል ሰንበት የራኽበና።

ሰናይ ቅነ